# ትግርኛ

## መርሐባ፣ ናብ ሜትሮ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!

ቅሳነትን ሓጎስን ዝመልኦ መገሻ ንክኾነልኩም ንምነ። ናብቲ ትኸዱዎ ቦታ ብደሓንን ምቹእ ብዝኾነ መገዲ ንኽትበጽሑ ዝከኣለና ክንገብር ኢና።

## ብኣውቶቡስ ንምጉዓዝ

### ኣብ ናይ ኣውቶቡስ ደው መበሊ ፈርማታ ተጸበ

ኣብቲ ናይ ኣውቶቡስ ደው መበሊ ምልክት ነቲ ናይ መገዲ ወይ ሩት ቁጽሪ ተመልከት። ሰዓታት፣ ማፓትን ካልእ ዝጠቕሙ ምስ መገሻ ርክብ ዘለዎም ሓበሬታታ ኣብቲ ናይ ኣውቶቡስ ደው መበሊ ተጠቂዓም ኣለዉ።

### ነታ ኣውቶቡስካ ኣለልያ

እታ ኣውቶቡስ እናቀረበት ክትመጽእ ከላ፣ ነቲ ናይ መገዲ ቁጽሪን እትኸደሉ ቦታ (ኣብ ቅድሚት መስኮት ዝርከብ) ብምርኣይ እታ ኣውቶቡ ናትካ ምዃና ኣረጋግጽካ ፍለጥ።

### ኣብ ኣውቶቡስ ተሳፈር

ኣብ ገለ ገለ ናይ ኣውቶቡስ መስመር፣ እትሳፈረሉ ቦታን ሰዓትን፣ ነቲ ዝኽፈል ገንዘብ፣ ክትሳፈር ከለኻ ንኽትከፍል ትሕተት ትኸውን። ኣብ ካልእ እዋናት ከኣ፣ ክትወርድ ከለኻ ንኽትከፍል ትሕተት ትኸውን። ክትሳፈር ከለኻ፣ ኣብቲ ናይ ክፍሊት ሳጹን መዓስ ክትከፍል ከምዘለካ ርኢኻ ኣረጋግጽ። ኣብቲ ጉቡእ ጊዜ፣ ነቲ ዘሎካ ፓስ ኣርኢ ወይ ቲኬት ኣእቱ፣ ወይ ልክዕ ዋጋ፣ ብናይ ኣሜሪካ ገንዘብ ጌርካ፣ ኣብቲ ናይ ክፍሊት ሳጹን ኣእቱ። ቦታ ረኺብካ ኮፍ በል እሞ፣ ቅሳነት ዝመልኦ መገሻ ተጎዓዝ።

### ካብ ኣውቶቡስ ምውራድ

እታ ኣውቶቡስ ኣብቲ ንስኻ ትወርደሉ ቦታ ክትቀርብ ከላ፣ እቲ ኣውቲስታ ደው ንኸብለልካ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ እቲ መስኮት ዘሎ ገመድ ስሓቦ።

### ንኽትጉዓዝ ዘለዉ መምርሕታት

- ነቲ ጉቡእ ክፍሊት ክፈል
- ንመሰል ናይ ካልእዖት ተጎዓዝቲ ኣኽብር
- ንተጎዓዝቲ ኣብ ሓደጋ ከእትዉ ዝኽእሉ ጸገማት ኣይትፍጠር
- ሄድፎን ተጠቐም
- ምብላዕ፣ ሽጋራ ምስታይን ዝኾነ ምደርባይ ኩልኩል እዩ
- ኣልኮላዊ መስተ ኩልኩል እዩ
- ንተሳፈርቲ ወይ ነቲ ኣውቲስታ ኣይተጨንቆም።
- ኣብ ሰድያታት ኣይትደቀስ
- ንንብረት ናይቲ ወናኒ ኣውቶቡስ ኣኽቢርካ ተጠቀም
- ንናይ ሜትሮ ኣገልግሎትን መሳለጢያታትን ኣብ ናይ መጓዓዝ መዓላ ጥራሕ ተጠቀመሉ

## ሓበሬታ ብዛዕባ ክፍሊት

### ከመይ ክትከፍል ከምዘለካ

ኣብቲ ናይ ክፍሊት ሳጹን ገንዘብ ወይ ቲኬት ኣእቱ። ኣውቲስታታት ጥረ ገንዘብ ኣይሕዙን እዮም። ነቲ ልክዕ ዋጋ ሒዝካ ጽናሕ። ናይ ትራንዚት ፓስ እንተሎካ፣ ኣብቲ ናይ ክፍሊት ሳጹን ዘሎ ሕንጥጥ መበሊ ኣሕሊፍካ ሕንጥጥ ኣብሎ ወይ ነቲ ኣውቲስታ ኣርእዮ።

ናብቲ ትኸደሉ ቦታ ንኽትበጽሕ፣ ካልእ ኣውቶቡስ ክትቅይር ዘድልየካ እንተኾይኑ፣ ክትከፍል ከለኻ፣ ነቲ ኣውቲስታ ናይ ትራንስፈር ቲኬት ሕተቶ። እቲ ትረኽቦ ናይ ትራንስፈር ቲኬት፣ ኣብ ገሊኡ መስመራት ንሙሉእ መገሻኻ ኣብ ገሊኡ እዋናት ከኣ ንገለ ክፋል ናይቲ መገሻኻ ከገልግለካ እዩ። ናይ ትራንስፈር ቲኬታት፣ ካብቲ ዝተዋሃብካሉ ሰዓት ጀሚሩ ን90 ደቃይቕ ጥራሕ እዮም ዝሰርሑ።

### ክንደይ ክትከፍል ከምዘሎካ

ናይ ሚትሮ ናይ ኣገልግሎት ከባቢ፣ ክልተ ናይ "ክፍሊት ዞናት" ኣለዎ። ብኣውቶቡስ ክትጓዓዝ ከለኻ፣ ንዶብ ናይ ሲያትል ከተማ ሓሊፍካ እንተኸይድካ፣ ናይ 2-ዞን መገሻ ከም ዝኸድካ እዩ ዝቁጸር። ኣብቲ ዝበዝሐ ሰብ ዝጉዓዘሉ ሰዓታት - ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ 6–9 a.m. ን 3–6 p.m.ን፣ ዓበይቲ ካቢት ኣብ ካልእ እዋናት፣ ውሕድ ዝበለ ሰብ ዝጉዓዘሉ ሰዓታት ዝኸፈል ገንዘብ ገንዘብ፣ ዝለዓለ ገንዘብ እዮም ዝኸፍሉ። ንዝተረፈ ተጎዓዚ ኹሉ ግን፣ ዝኽፈል ዋጋ፣ ሓደ እዩ።

| ናይ ሜትሮ ክፍሊት ዋጋታት | ዞን-1 | ዞን-2 |
| --- | --- | --- |
| ዓበይቲ (ብዙሕ ሰብ ዝጉዓዘሉ ሰዓታት) | $1.75 | $2.25 |
| ዓበይቲ (ውሕድ ዝበለ ሰብ ዝጉዓዘሉ ሰዓታት) | 1.50 | 1.50 |
| መንእሰያት (ዕድመ 5-17) | 75 ሳንቲም* | 75 ሳንቲም* |
| ቀለውዕ (ትሕቲ 5) | ብናጻ | ብናጻ |
| ናይ ሙሉእ መዓልቲ መገሺ ፓስ | 3.50 | 3.50 |

(ናይ ሙሉእ መዓልቲ መገሺ ፓስ ካብቶም ዘወርቲ ኣውቶቡስ ክግዛእ ይክኣል እዩ። ኣብ ቀዳም፣ ሰንበትን በዓላትን ጥራሕ እዮም ዘገልግሉ።)

*ካብ ጁላይ 1 2008 ጀሚሩ

### ብናጻ ዝግየሽሉ ቦታ

ብነጻ ዝግየሽሉ ቦታ ኣብ ሲያትል ካብ 6 a.m. – 7 p.m. ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ። እቲ ብነጻ ዝግየሽሉ ቦታ ካብ ሰሜን Battery Street ፣ ክሳዕ South Jackson Street ካብ ምብራቕ ካብ 6th Avenue፣ ምዕራብ ክሳዕ ዋተርፍሮንት። ታነል ስቴሽናት ናይቲ ብነጻ ዝግየሽሉ ቦታ ክፍሊ እዮም። እቲ ናይ ዋተርፍሮንት ስትሪትካር ናይ ኣውቶቡስ መስመር ኩሉሳዕ ነጻ እዩ።

## ናይ ኣገልግሎት ሓበሬታ

### ሊፍት ዘለወን ናይ ኣውቶቡስ ኣገልግሎት

ኩለን ናይ ሜትሮ ኣውቶቡሳት ኣብ መብዝሕትኡ ናይ ኣውቶቡስ ደው መበሊ ቦታታት ከገልግሉ ዝኽእሉ ሊፍት ወይ ራምፕ ኣለወን። እቲ ሊፍት፣ ናይ ኣካለ ስንኩላን ብሽክሌታ ወይም ምርኩዝ ንዝጥቀሙ ተጎዓዝቲ ወይ ኣስካላ ክጥቀሙ ወይ ናብ ኣውቶቡስ ምድያብን ምውራድን ጸገም ንዘለዎም ሰባት ሓገዝ ይህብ።

### ፓሳትን ናይ ቲኬትቡካትን

ፓሳትን ናይ ቲኬት ቡካትን ኣብ መብዝሕትኡ ካብ 150 ንላዕሊ ዝኾኑ ኣብ ሲያትልን ኪንግ ካውንቲ ዝርከቡ ቦታታት ይሸየጡ። ብዛዕባ ዋጋን ዝሸየጡሉ ቦታታትን ንምፍላጥ፣ ናብ ቁጽሪ ስልኪ 206-624-PASS (7277) ደውሉ።

### ናይ ጊዜ ሰንጠረዣት

ናይ ጊዜ ሰንጠረዣት ንናይ ኣውቶቡስ መስመራት፣ መደብ ሰዓታት፣ ዋጋታት፣ ማፓትን ካልእ ኣድለይቲ ሓበሬታታት ኣለዎም። ናይ ጊዜ ሰንጠረዣት ወይ ከኣ ታይም ቴፕላት ኣብ ውሽጢ ኣውቶቡሳትን ቤት መጻሕፍቲን፣ ኣብ ዝተመርጹ ድኳናትን፣ ገለ ገለ ኦፊሳትን ናይ ቤት ጽሕፈት ናይ ሜትሮ ዓማዊል ኣገልግሎት ይርከቡ። ኣብ ከባቢኻ ንዝርከቡ ቦታታት ንምፍላጥ፣ ናብ ቁጽሪ ስልኪ 206-553-3060 ደውል።

### ቤት ጽሕፈታት ናይ ሜትሮ ዓማዊ ኣገልግሎት

| ኪንግ ስትሪት ሴንተር | ትራንስፖርቴሽን ኮኔክሽን |
| --- | --- |
| 201 S. Jackson St. | |
| ሶንይ–ዓርቢ | Rainier Square |
| 8 a.m.–5 p.m. | 4th Ave. & University St. |
| | ሶንይ–ዓርቢ |
| | 9 a.m.–5:30 p.m. |

**ዳውንታውን ሲያትል ትራንዚት ታነል***

ዌስትሌክ ስቴሽን፣ ማዛኒን ለቨል

ኩፉት ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት

*ፓስስን ቲኬትቡካትን ኣብ ናይ ዌስትሌክ ታነል ስቴሽን ኣይሸየጡን እዮም። እንተኾነ ግን ናይ ሰዓት ሰንጠረዥን ናይ ጉዕዞ መደብ ምውጻእ ሓጋዚ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

### ባይክ & ራይድ

ናይ ሜትሮ ኣውቶቡሳት ኩለን፣ ናይ ብሽክሌታ መቐመጢ ኣለወን። ብሽክሌታ ቀዲሙ ዝመጸ፣ ቦታ ክሳዕ ዝመልእ ከቀምጥ ይኽእል እዩ። ተወሳኺ ክፍሊት የለን።

ሜትሮ፣ ካብ ሓደጋ ንምክልኻል ብዝብል፣ ብሽክሌታታት ናብ ውሽጢ ኣውቶቡስ ንኽኣትዋ ኣይፈቅድን እዩ። ብሽክሌታታት፣ ብጀካ ኣብቲ ብነጻ ትጉዓዘሉ ናይ ሲያትል ናይ ዳውንታውን ከባቢ፣ ካብ 6 a.m. ክሳዕ 7 p.m፣ ኣብ ዝኾነ ናይ ኣውቶቡስ ደው መበሊ ቦታ ክስቀላን ክወርዳን ይኽእላ። ኣብቲ እዋን፣ ኣብቲ ብነጻ ትጉዓዘሉ ፈርማታ ወይ ኣብቲ ኮንቬንሽን ፕሌስ ወይ ኢንተርናሽናል ዲስትሪክት/ቻይና ታውን ፈርማታት ዝርከብ ናይ ታነል ደው መበሊ ቦታ ቀዳማይ ፈርማታ ምስ በጻሕካ ብሽክሌታኻ ከተውርንድን፣ ኣብታ ናይ መወዳእታ፣ ፈርማታ ኸኣ፣ ብሽክሌታኻ ክትሰቅል ትኽእል ኢኻ።

### ማኪና ምስ ካልኦት ሰባት ኮይንካ ብሓንሳብ እናዘወርኩም ብዛዕባ ምኻድ

ብኣውቶቡስ ምጉዓዝ ዘመችእ ምስዘይከውን፣ ናብ ስራሕ ወይ ቤት ትምህርቲ እትኸደሉ ካልኦት መገድታት ኣብ ምንዳይ ሜትሮ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ምስ ካልኦት መኪና ወይ ቫን ዝዝውሩ ሰባት ብሓንሳብ ምኻድ። ተወሳኺ ሓበሬታ ወይ ሓገዝ ንምርካብ፣ ናብ ቁጽሪ ስልኪ 206-625-4500 ወይ TTY ሪሌይ 1-800-833-6388 ደውል ወይ ኣብ RideshareOnline.com ተመልከት።

### ሓገዝ ብቴሌፎንን ካልእ ናይ ምስ ምጉዕዓዝ ርክብ ዘለዎም ሓበሬታታት

ናይ ቴሌፎን ሓገዝ

| | |
| --- | --- |
| ሓበሬታ ብዛዕባ ተጎዓዚ | 206-553-3000 |
| ናይ TTY ተገልገልቲ | 206-684-1739 |
| ኣገልግሎት ዓማዊል | 206-553-3060 |
| ናይ TTY ተገልገልቲ | 206-684-2029 |
| ናይ ኣውቶቡስ ሰዓታት | 206-287-8463 |
| (ብኤሌክትሮኒካዊ መገዲ ዝተዳለወ ናይ ሰዓታት ሓበሬታ) | |
| ፓስ/ቲኬትቡክ ዝሸየጡሉ | 206-624-PASS (7277) |
| ጠፊኡ ዝተረኽበ | 206-553-3090 |

**ሳውንድ ትራንዚት**

| | |
| --- | --- |
| ብነጻ ዝድወለሉ | 1-888-889-6368 |
| ናይ TTY ተገልገልቲ | 206-398-5086 |
| www.soundtransit.org | |

| | |
| --- | --- |
| **ኮሚኒቲ ትራንዚት** | 425-353-RIDE (7433) |
| ብነጻ ዝድወለሉ | 1-800-562-1375 |
| ናይ TTY ተገልገልቲ | 425-778-2188 |
| www.commtrans.org | |

| | |
| --- | --- |
| **ፒርስ ትራንዚት** | 253-581-8000 |
| ብነጻ ዝድወለሉ | 1-800-562-8109 |
| ናይ TTY ተገልገልቲ | 253-582-7951 |
| www.piercetransit.org | |

| | |
| --- | --- |
| **ኤቨረት ትራንዚት** | 425-353-7433 |
| ናይ TTY ተገልገልቲ | 425-778-2188 |
| www.ci.everett.wa.us/transit | |

### ሜትሮ ኦንላይን

Metro Online፣ ናይ ጉዕዞ መስመራት፣ ናይ ሰዓት ሰንጠረዣት፣ ማፓትን ካልኦት ፕሮግራማትን ኣገልግሎታት ወሲኽካ፣ ብዛዕባ ናይ ሜትሮ ኣገልግሎት ዝተማልአ ሓበሬታ ትረኽበሉ ናይ ሜትሮ ናይ ናይ ኢንተርኔት ዌብሳይት እዩ። ናይቲ ዌብሳይት ኣድራሻ፣www.kingcounty.gov/metro እዩ።

### ኣብ ኢንተርኔት ዝርከብ ናይ ከባቢያዊ ናይ መገሻ መደብ መውጽኢ

www.kingcounty.gov/tripplanner

**ኣብ ሜትሮ ብምጉዓዝኩም ነመስግን!**




Electronic fareboxes accept paper or coin money for fare as well as tickets and passes.

전자 요금기에는 티켓, 패스, 지폐 혹은 동전을 사용할 수 있습니다.

Hộp thu tiền bằng điện tử nhận tiền giấy hoặc tiền cắc khi quý vị trả lộ phí cũng như khi dùng vé thường và thẻ đi xe bus.

ប្រអប់អេឡិចត្រូនិចទទួលយកក្រដាសប្រាក់ឬកាក់សំរាប់តំលៃឈ្នួល ក៏ដូចជាសំបុត្រនឹងប័ណ្ណដែរ ។

除了接受車票或月票以外，還備有電子收費機，可收取以紙幣或硬幣支付的車費。

Cajas electrónicas de tarifa aceptan dinero de papel o moneda para la tarifa además de boletas y pases.

Электронные автоматы для оплаты за проезд принимают банкноты и монеты, а также билеты и проездные.

ຫີບເກັບປີ້ແບບອິເລກໂຕຼນິກຮັບເອົາເງິນເຈັ້ຍ ຫຼືເງິນຫຼຽນ ສຳຫຼັບການເດີນທາງແບບດຽວກັບການໃຊ້ປີ້ ແລະຂີ້ຣົດຖບາສ.

Як плату за проїзд електронні автомати для збору плати за проїзд приймають банкноти та монети, а також квитки та проїзні квитки.

Sanduuqyada noolka ee elegtaroonigga ahi waxay aqbalayaan lacagta warqadda ah ama macdanta ah si nooliga loo bixiyo iyo waliba tigidhada iyo kaadhadhka.

ናይ ኤሌክትሮኒክ ናይ ክፍሊት ሳጾናት ናይ ወረቐት ገንዘብ ወይ ሳንቲማት፣ ከምኡውን ቲኬታትን ፓሳትን ይቅበል እዩ።



All Metro buses are wheelchair accessible.

모든 메트로 버스에는 휠체어 출입이 가능합니다.

Tất cả các xe bus Metro đều có chỗ cho xe lăn lên xuống.

គ្រប់ប៊ុសមេត្រូទាំងអស់មានច្រកចេញចូលសំរាប់កៅអីកង់ ។

Metro運輸公司的所有公車都有方便輪椅上下車的裝置。

Todos los autobuses Metro son accesibles a sillas de rueda.

Все автобусы Metro приспособлены для проезда лиц в инвалидных колясках.

ຣົດຖບາສເມໂທຣທັງໝົດມີທາງໃຫ້ລໍ້ນັ່ງຄົນພິການຂຶ້ນໄດ້.

Всі автобуси Metro обладнані підйомниками для інвалідних візків.

Dhamaan basaska Metro waxa raaci kara dadka isticmaala kursiga curyaanka.

ኩሎም ናይ ሜትሮ ኣውቶቡሳት ናይ ኣካለ ስንኩላን ብሽክሌታታት ዘእትዉ እዮም።



All Metro buses can transport bicycles.

모든 메트로 버스에는 자전거 운반이 가능합니다.

Tất cả các xe bus Metro đều có thể chở xe đạp.

គ្រប់ប៊ុសមេត្រូទាំងអស់អាចដាក់កង់បាន ។

Metro運輸公司的所有公車都可載運腳踏車。

Todos los autobuses Metro pueden transportar bicicletas.

Все автобусы Metro приспособлены для перевозки велосипедов.

ຣົດຖບາສເມໂທຣທັງໝົດສາມາດບັນທຸກຣົດຖີບ.

Всі автобуси Metro можуть перевозити велосипеди.

Dhamaan basaska Metro waxay qaadi karaan baasgeelada/bushkuleetiyada.

ኩለን ናይ ሜትሮ ኣውቶቡሳት ብሽክሌታ የጎዓዕዛ እየን።